
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



## ንጉስ ዳዊት
## (1ይ ክፋል)

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጓሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ


ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org


©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

እቲ መንእሰይ ዝነበረ ዳዊት ንጉስ ሳኦል ኪቐትሎ ይደሊ ስለ ዝነበረ ካብ ቅድሚኡ ይሃድም ነበረ፡ ። ዳዊት ምስ ኣርባዕተ ሚእቲ ሰዓብቱ ኣብ ዓብዪ በዓቲ ዘለዎ በረኻ ይነብር ነበረ። ሓደሓደ ግዜ ወተሃደራት ሳኦል ይረኽብዎም ነበሩ፡ ዳዊት ግን ካብቲ ቦታ ናብ ቦታ ይንቀሳቀስ ነበረ።



ዶኤግ እቲ ኣገልጋሊ ሳኦል ድማ ነቲ ንጉስ እቶም ካህናት ንዳዊት ከም ዝሓገዝዎ ነገሮ። ሳኦል ድማ ኪቕተሉ ኣዘዘ ። እንተኾነ ግን ነዚ ንምግባር ፍቓደኛ ዝነበረ ዶኤግ ጥራይ ኢዩ ነይሩ! ሰማንያን ሓሙሽተን ካህናትን ስድራቤቶምን ብስሕለት ሰይፍ ብጭካነ ቐተለ፡ ነቶም ካህናት ብምቕታሉ ድማ ክፍኢ ገበረ።






ሓደ መዓልቲ ሳኦል
ንዳዊት ኪሃድኖ ኸሎ
ናብቲ ዳዊትን ሰዓብቱን
ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ
በዓቲ ንበይኑ ኣተወ።




ዳዊት ኣብቲ በዓቲ ንሳኦል ብቐሊሉ
ክቐትሎ ይኽእል ነይሩ፡ እንተኾነ
ግን ናብ ጥቓኡ ቐሪቡ ካብ
ጫፍ ዘፈር ክዳኑ ብበሊሕ
ስሕለት ገይሩ ቈረጾ ወደሰ፡

ሳኦል ኣብ ምኻዱ ድማ ዳዊት ጸውዑ፡ ካብ
ጫፍ ዘፈር ክዳንካ እምበር ቀሪጸ ወሰድኩ፡
ኣይቀተልኩኻን፡ ስለዚ ድማ ኣብ ኣእዳወይ ዓመጻ
ኮነ ክፉእ ከም ዘየልቦ ተመልከትን ፍለጥን በሎ።

ሳኦል ንዳዊት ኪጒድኦ ብምፍታኑ ኸም ዝተጣዕሰ ገለጸ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ግና እቲ ሕዱር ቍጠዐ ተመለሶ፡ ንዳዊት ኪቐትልዎ ድማ ሰለስተ ሽሕ ሰራዊት ኣዳላወ፡ ሓደ ለይቲ እቶም ሰራዊት ደቂሶም ከለዉ ዳዊትን እቲ መራሒ ወተሃደራቱን ዝኾነ ኣቢሻይን ናብቲ ሰፈር ወተሃደራት ሳኦል ሶሊኾም ኣተዉ።






ኣቢሻይ "ኣምላኽ ሎሚ
ንጸላኢኻ ኣብ ኢድካ ኣሕሊፉ
ሂቡካ ኣሎ" ኢሉ ን ዳዊት
ሕሹኹ በሎ፡ ስለዚ’’ በጃኻ
ብኹናት ገይረ ምስ ምድሪ
ኣጣቢቀ ክወቅዖ፡ ካልኣይ ግዜ
ምግዳም ውን ኣየድልየን በሎ።



ዳዊት ግን ኣይፈቀደን፡ ኲናትን መቐርሰሚቶኡን ሳኦል ወሲዱ ድማ ካብቲ ሰፈር ወጸ። ዳዊት ኣብ ስግር ኣብ በሪኽ ቦታ ኮይኑ ሳኦል ክሳዕ ዚሰምዖ ጨደረ፡ እንደገና ሳኦል ዳዊት ኪቐትሎ ኽም ዚኽእል ረኣየ፣ ንዳዊት ኪጐድኦ ብምፍታኑ ድማ ደጊሙ ተጣዕሰ፡ ዳዊት ግን ቓል ሳኦል ከምዘይእመን ይፈልጥ ነበረ።



ኣብዚ ግዜ ሳሙኤል ሞተ፡ ፈለማ ንሳኦል
ደሓር ከኣ ንዳዊት ንጉስ እስራኤል ገይሩ
ኪቕብኦም ኣምላኽ ዝነገሮ ነብዩ እዩ ነይሩ፡
ፍልስጥኤማውያን ንእስራኤል ምስ
ኣጥቅዕዎም ሳኦል ኣምላኽ ዝኸልከሎ
ሓደ ሕማቕ ነገር ፈጺሙ ነይሩ።

ንሓንቲ ሰበይቲ ንሳሙኤል ካብ ምዉታት ክትጽውዖ ኣዘዛ።
ኣብታ ምሸት ድማ ሳኣል መልእኽቲ ተዋህበ።



እግዚኣብሄር ካባኻ ተፈልዩ ጸላኢኻ ኮነ፡ ንመንግስቲካ ድማ ኻብ ኢድካ ወሲዱ ንብጻይካ ዳዊት ሂብዋ ኢዩ፡ ጽባሕ ንስኻን ደቅኻን ምሳይ ክትኰኑ ኢኹም። እግዚኣብሄር ድማ ንሰራዊት እስራኤል ኣብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኣሕሊፉ ክህቦም እዩ፡ ብሎ። ሳውል ነዚ ምስ ሰምዐ ብፍርሂ ወደቐ።



ፍልስጥኤማውያን ምስ እስራኤል ተዋግኡ፣
እስራኤላዊያን ድማ ሃደሙ። ፍልስጥኤማውያን
ንደቂ ሳኦል ከምኡ ውን ነቲ ናይ ቀረባ
ዓርኪ ዳዊት ዝነበረ
ዮናታን ቀተልዎም ።




ሳኦል በቶም ቀስተኛታት ከቢድ መቑሰልቲ ወረዶ፡ ነቲ ኣጽዋሩ ዝሸከም ኣገልጋሊ "እዞም ክፉኣት መጺኦም ከይወግኡንን ከየላግጹለይን፡ ሰፍካ ኣልዒልካ ቅተለኒ በሎ፡ እቲ ኣገልጋሊ ግን ኣዝዩ ስለ ዝፈርሀን ኣበየ፡ ብድሕሪኡ ሳኦል ሰይፊ ኣልዒሉ ኣብ ልዕሊ ሰይፉ ወደቀ።





ፍልስጥኤማውያን ሬሳ ሳኦልን ደቁን ምስ ረኸቡ ነቲ ሬሳ ኣብ መንደቕ ሓንቲ እተታሕዘት ከተማ እስራኤል ኣንጠልጠልዎ፡ ገሊኦም ተባዓት እስራኤላውያን ግን ነቲ ሬሳታት ኣልዓልዎ ናብ ቤቶም ወሲዶም ቅድሚ ምቕባሮም ብሓዊ ኣንደድዎ።



ዳዊት እዚ ሕማቅ ወረ ምስ ሰምዐ ንሳኦልን ንወዱ ዮናታንን፡ ንኩሉ ህዝቢ እግዚኣብሔር ብስሕለት ስለ ዝወደቁ ክሳዕ ምሸት ብዛዕብኦም ሓዘነ፡ በኸየን፡ ጾመን።

ሳኦል ንዳዊት ኪቕትሎ እኳ እንተ ፈተነ
ዳዊት ግን ንሳኦል ከም ቅቡእ ኣምላኽ
መጠን ክሳዕ መወዳእታ ኣኽበሮ፡
ድሕርዚ ኣምላኽ ንዳዊት ኣኽበሮ
ኣብ ክንዲ ሳኦል ድማ ኣንገሶ።



# ንጉስ ዳዊት (1ይ ክፋል)

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ሳሙኤል 24-31, 2 ሳሙኤል 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

20

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16